መርሓባ፡-

እተው ኣብ ደንበ ዘኽሪ ስውኣት ኤርትራ፡፡

ንሓርነትን ኽብሪ ሉዕላውነት ሃገርን ደሞምን ኣዕጽምቶምን ዝኸስከሱላ ብሉጻትን ምሩጻትን ጀጋኑ ኤርትራ መኽፈልቲ እቲ ብሓበን ነስተማቕሮ ዘሎና መንነትና እዩም፡፡ ከም ህዝብን ሃገርን ኣብ ዓለም ክንስራዕ ብህይወቶም ተዋሒሶም እቲ ግቡእና መሰል ርእሰ-ውሳነ ኣረጋጊጾም፡፡

እተው ኣብ ኣዳራሽ ዕስራ ሰነ፡፡

ዘክርዎም! ተለልዩዶ ብዓል መነ-መን! መንእሰይ ተመሃራይ፡ ጋመ መርዓት፡ ሓረስታይ፡ ነጋዳይ፡ ሸቃላይ፡ ኣቦ፡ ኣደ ምስ ቆልዓ፡ ካህን ምስ ሸኽ፡ ዓቢ ምስ ንእሽቶ፡ ግደ እቲ ፍትሒ ዘይፈልጥ መሪር መስዋእቲ፡ ይግባይ ዘይፈልጥ ዕዳ ናጽነት ብህይወት ከፊሎሞ፡፡

ጓኖት ከይንብሎም፡ ኣይረሓቑን፡ ኣሕዋትና ደቂ ሓንቲ ኣደ፡ መተዓብይትና፡ መማህርትና፡ ዝወለድናዮም ዝወለዱና፡ ዘፍቀርናዮም፡ ዘፍቀሩና፡ ክፉል ሓደ ህዝቢ፡ ሓደ ልቢ፡ ብህይወት እንተዘይሃለው ብመሰለት ሕድሪ ምሳና ዘሳጉሙ፡ ባና ናጽነት ፈንዮም ዘለኣለማዊ ፍሽክታ ዝልግሱ እዮም፡፡

20 ሰነ 2002 ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ዕዝዝትን ክብርትን መዓልቲ ስውኣት እያ፡፡ ደምዳሚት ናይ ሓደ ሚእቲ ዓመት ተጻብኦታት፡ ብሰንኪ ወራር ወያነ ዝዛረየ ሓድሽ ፈልፋሊ ደም ኣኽቲማ ተመስገን መስዋእቲ ዝበለት መዓልቲ እያ፡፡

ልቢ ኤርትራዊ ኒሕ ልዕሊ ሓዘን ኣገንፊሉ ተወፋይነት ጀጋኑ ደቁ ኣብ ዝዝክረሉ እዋን ደራሲት ህድኣት ኤፍረም ብዝተፈላለዩ ግጥምታት ዝለዓለ ናይ ሕልናን ልብን መዓልታዊ ተዘክሮ ንምሉእ ወርሒ ሰነ ተበርክት፡፡

ኣንበብቲ ብወገንኩም ተወሳኺ ግጥምታት ክትሰዱልና፡ ንኽብሪ ስውኣትና ብስምኩም ሽምዓ ከነብርህ ክትተሓባበሩና ንሓትት፡፡

ዓወት ንሓፋሽ!
ዘልኣለማዊ ዘኽሪ ንስውኣት ኤርትራ!

****************************************************************************************